ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

# ኣባላት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ

## መልሲ

ነቲ ብዕለት 22/3/2016 ብሽም ሰልፊ ናህዳ ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቶጎሩባ ዝወጸ ጽሑፍ፣ ንሕና ከም ጨንፈር ብዛዕባ ዚ ጽሑፍ ምንም ኣፍልጦ ከም ዘይብልና ክንሕብር ንፈቱ፣ እዚ ጽሑፍ ዚ ብገለ ዘይንፈልጦም ሰባት ከምተጻሓፈ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ክንሕብር እንክለና ነዞም ተሓቢኦም ሽም ውድብ ዘኽፍኡ ዘለው ሰባት ብዘይ ኣፍልጦ ናይ ጨንፈር ምጽሓፍ ዓገብ ጥራይ ዘይኮነስ ብሕጊ ውን ዘሕተት ምዃኑ ክፈልጡ ይግባእ።

እምባኣር ንሕና ኣባላት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ ነቲ ኣብ ዕለት 19 ታሕሳስ 2015 3ይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ዝተሳማምዕሉ ምሉእ ድጋፍና ሂብና፣ ኣብ 12 ክፍለ ሃገራት ዝርከባ ጨናፍር ሰልፊ ናህዳ ከም ዝዘርጋሕናዮ ንሕብር።

ከምኡ ውን ነቲ ኣብ ዕለት 27 የካቲት 2016 ኣብ ልዕሊ ኣቦ ወንበር ማእከላይ መሪሕነትን ሓደ ኣባል ሰልፊን ዝተወሰደ ናይ ምስጓግ ስጉምቲ ንሱ እኳ እንተዘይ ነበረ ትጽቢትና ግን ካኣ መሪሕነትና ዝወሰዶ ስጉምቲ ቅኑዕ እዩ ኢልና ስለ ዝኣመንናሉ ኣብ ዕለት 6 መጋቢት 2016 ኣብ ዝገበርናዮ ናይ ጨንፈር ኣኼባ ብምሉእ ድምጺ ድጋፍና ገሊጽና ኢና።

ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዋኣትና፣

ዓወት ነቲ ሰሪሑ ዓስቡ ዘይረኸበ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ፣

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ጨንፈር ዓባይ ብሪጣንያ።

**23 መጋቢት 2016**